# ገዛኻ ኣበይ እዩ?

መብዛሕትና ሰባት ንነብረሉን ንዓርፈሉን ስፍራ ኣሎና: እዚ ስፍራ እዚ ገዛ ንብሎ። ከምካልኦት ዓበይቲ ገዛውቲ ዓቢን ምሉእ ኣቕሑት ዘይብሉን ይኸውን ወይ ካኣ ከምካልኦት ብዙሕ ዘይምቹ (ዘይጥዕም) ክኸውን ይኽእል: ግናኸ ገዛና እዩእሞ: ኣብዝኸድና ኬድና ኣብ ዝበጻሕና በጺሕና ናብ ገዛና ክንምለስ ደስ ይብለና። ገይሽና ዝኸድናሉን ዝሬእናዮን ኣዝዩ ፅቡቕ እንተኾነ ወይ ድማ ብብዙሕ ኩነታት ዝሓሸ እንተኾነ ናትና ገዛ ስለዘይኮነ ከምገዛና ኣይንሪኦን። ገዛና ባህ ዘብለናን ናትና ምኳኑ ክስምዓና ዝገብረናን ሓደ ነገር ኣለዎ።



## ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኣጋይሽ ኢና

ንሕና ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኣጋይሽን ስደተኛን ምዃንና ቃል እግዚኣብሄር ይነግረና: (1ይቲ ጴጥ.2÷11፤ እብ.11÷13) ኣብዓለም ዘሎ ገዛና ወላ እኳ ፅቡቕ ኮይኑ እንተተሰርሐ ንሓዊር እዋን እዩ ዝፀንሕ። ቀልጢፉ ዝኣርግ: እቲ መንደቕውን እናፈረሰ: ንፉስ ብኣፍደገን ብዘሎ ነኧላትን ኣትዩ ቀስ እናበለ ከምዘዕንዎ ንርዳእ: ኣብዛ ምድሪ ንዘለኣለም ክነብር ዝኽእል ገዛ የልቦን። ኩሉ ገዛውቲ ንሓዊር እዋን ምስፀንሐ ይፈርስ እሞ ዑና ይኸውን። ኣብ ከባቢና ዘሎ ኩነታት ክንዕዘብ ከሎና ኣብዛ ዓለም ንነዊሕ ዘመናት ክነብር ዝኽእል ከምዘይህሉ ነስተውዕል: ወላ እቲ ንነብረሉ ገዛ እንተኾነ።

# ነፍስ ወከፍ ኣብ መወዳእታ ዝነብረሉ ገዛ ኣለዎ

ወላ እኳ እንተፈለጥናዮ ወይ ድማ እንተዘይፈለጥናዮ: ብነፍስወከፍ ኣብ መወዳእታ ንዘለኣለም ንነብረሉ ገዛ ክህልወና እዩ። እዚ ገዛ ናብራ ዓለም ወዲእና: ስጋና ኣብ መሬት ምስ ተቐበረ ብነፍስና ተጓዒዝና ንበፅሖ ኣጋይሽ ዘይንኾነሉ ንዘለኣለም'ውን ንነብረሉ ስፍራ እዩ። ንደቂ ሰባት ኩሎም ዝተዳለዉ ክልተ ዓይነት ናይ ዘለኣለም መንበሪ ገዛ ኣለዉ። እቲ ሓደ ዲያብሎስ ምስ ሰራዊቱ: እቲ ኣራዊት ምስናይ ሓሶት ነቢይ እቶም ሽሞም ኣብ ናይ ህይወት መፅሓፍ ዘይተፅሓፈ ኩሎም ዝነብሩሉ: ቀላይ ሓዊን ዲንን ከምዝኾነ ቃል ኣምላኽ ብመፅሓፍ ቅዱስ ይነግረና: (ራእ.20፥10-15) ኣብዚ መወዳእታ ዘይብሉ ሓዊ: ኣብዚ ዘቃፅልን ዘሳቕይን ስፍራ ኣውያትን ምሕርቃምን ኣስናንን እዩ ዝኸውን። ላግዒ ናይ ገፅ ዲያብሎስ: ዘጨንቕ ስሓቕ ናይ ኣጋንንቲ: ኣብ ልዕሊ ምቅፃል ሓዊ ብተወሳኺ ነቲ መከራ ዝገደደ ይገብሮ። ዘፀናንዕን ዝሕግዝን ሓደ እኳ ኣይርከብን። ናብዚ ስፍራ ክወርድ ዝተፈርዶ ሓጢያተኛ: ንበይኑ መከርኡ ኣብ ርእሲ ምጽጋቡ: ወንጌል ጐይታ እየሱስ ሰሚዔ እንተዝኸውን: እናበለ ይናሳሕ (ይጠዓስ)። እዚ ገሃነም ዝተበሃለ ስፍራ መንበር ሓጥኣን እዩ። ምኽንያቱ «ኩሎም ሓጢኣም: ክብሪ ኣምላኽውን ስኢኖም» (ሮሜ 3፥23) ስለዝብል እዩ። እዚ ስፍራዚ መንበር ምንዝር: ርኹሰት: ዕብዳን: ኣምልኾ ጣኦት: ጥንቁላ: ጽልኢ: ባእሲ: ቅንኢ: ቁጥዓ: ሻራ: ምፍልላይ: ዝርግርግ: ቅትለት: ስኽራን: ጓይላ: ዝፈትዉ: ገዛ እዞም ፈራሃትን: ዘይኣምኑን: ፍንፉናትን ቐተልቲ ነፍሲን ሓሰውትን እዩ። (ገላ.5፥19-21፤ ራእ.21፥8) እዚ ስፍራ ገዛ እዞም ንጎይታ እየሱስ መድሕን ነፍሶም ገይሮም ዘይተቐበሉ በቲ ዝወሓዘ ደሙ እውን ዘይነፅሁ ሰባት እዩ ዝኸውን። «ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ንእኡ ኻኣ ክዓጽድ እዩእሞ: ኣይትጠበሩ: ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ:» (ገላ.6፥7) ሰብ ብስግኡን ብሓጢኣትን ዝዘርኦ ኣብ መወዳእታ ኣብ ገሃነም ክዓፅዶ ይግደድ።

ክቡር ኣንባቢ (ንባቢ): ነዛ ፅሑፍ እንክ ተንብብ: ሓንሳእ ኣቋሪፅካ ሓጥእ ዝኸደሉ ስፍራ (ገዛ) ከመይ ዝመሰለ ከምዝኾነ ኣስተብህሎ። እዚ ገዛ ናይ ግድነት መንበሪኡ ክኸውን እዩ። ልቡ ዝተረረ ሓጥዕ ኣብ እዋን ሞቱ ብስግኡ ብቓንዛ እናተሳቐየ: ብነፍሱ ድማ ብፍርሒ ናይ ሞት ተዋሒጡ ይርእ። ሞት ኣብዘይተሓሰበን ኣብዘይተደልየን እዋን ይመፅእ እሞ ነቲ ሓጢያተኛ ብጨካን ኣረኣእያ ይጥምቶ። ብሓጢኣት ዝርከብ ታሕጓስ ሓሊፉ እቲ ዘጨንቕን ዘፈርሕን ከቢድ ዋጋ ናይ ሓጢኣት ክፈዲ ናይ ግድነት ይኸውን (ሮሜ 6፥23) ሓዘን ናይ ሞትን ገሃነምን: ነቲ ብፍርሒ ዝተመልኤ ነፍሱን መንፈሱን ይወሮ። ክፅሊ እንተደለየ እኳ: ምስ ኣምላኽ ክራኸብ ወይ ድማ ብእምነት ክቕርብ ኣይኮነሉን። ኣዕሩኽቱ ኩሎም ኣብጥቓ ዓራቱ ክቐርቡ ይፈርሑ: ፍረ ዘይብሉ ዘረብኦም ድማ ከፀናንዖ ወይ ክሕግዞ ኣይኽእልን። ሃብቱውን (ብምትላል ዝረኸቦ ክኸውን ይኽእል) ድሕነት ነፍሲኮን: ካብ ቃንዛ ዕረፍቲ: ወይ ድማ ምንዋሕ ዕድመ ኣየምፅኣሉን። ብዛዕባ ኣምላኽ ክሓስብ እንተደለየ እኳ: ሸይጣን ዕድል ኣይህቦን። ኣብ ዓለም ከሎ ዝፈትዎ ዝነበረ ኹሉ: ዕድሚኡ ዘሕለፈሉ ነገራት: ኩሎም ዘላግፁሉ ይመስሉ። እቲ ቐሺ (ኣቦ ነፍሰይ ኢሉ ዝሓዞ) እኳ እንተኾነ ክሕግዞ ኣይኽእልን። ኣብዚ ግዜ እዚ «ኣብ ኢድ ህያው ኣምላኽ ምውዳቕ ዘሰክሕ» ምኳኑ ይርዳእ። (እብ.10፥31) ብዝተኸኣሎ ኩነታት ምስ ኣምላኽ ዕርቂ ክገብር ይፍትን: ግና ግዚኡ ዝሓለፈ ከምዝኾነ የስተውዕል። ብኸምዚ ኩነታት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት: ናብ ኣምላኽ ንምምላስ ዕድል ከይረኸቡ ድንገት ህይወቶም ይሓልፍ። ስለዚ ኣምላኽ በቲ ዝርከበሉ ግዜ ንኽንደልዮ ተነጊሩና እዩ።

(ኢሳ.55፥6) እዚ ኣብ ኣፍደገ ሞት ዘሎ ሰብ ኣብ ክንዲ ዘፀናንዕ ቃል ኣምላኽ ዘጨንቕ ፍርዲ እዩ ዝሰምዕ። ምሉእ ዕድሚኡ ንፍቕሪን ምሕረትን እግዚኣብሄር ዝነዓቐሰብ: መወዳእትኡ እዚ እዩ ዝኸውን። ከምዚ ዝብል ቃል ፍርዲውን ይሰምዕ: «ኣቱም ርጉማት ካባይ ርሓቑ: ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን እተዳለወ ናይ ዘለኣለም ሓዊ» (ማቴ.25፥41) «ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሙማት ብድሕሪኡውን ፍርዲ እተሰርዖ» ይፍፀም። (እብ.9፥27)

# ነቲ ዝሓሸ ገዛ ንመልከቶ

ኣብዚ ካልኣይ መንበሪ ገዛ ለይቲ ስለዘይህሉ: መብራህቲ ወይ ፋና ወይ ድማ ፀሓይ ኣየድልዮን። ጐይታ ባዕሉ ብርሃን ኮይኑ ኣብኡ ይነብር። (ራእ.22፥5) «እቲ ዓይኒ ዘይረኣየቶ እዝኒ ኸአ ዘይስምዓቶ ኣብ ልቢ ሰብ ድማ ዘይተሓሰበ: ኣምላኽ ነቶም ኣሰር ማለት መገዲ ናይ ጐይታ የሱስ እናሰዓቡ ዝነብሩ ክርስቲያን ህዝቢ: ዝተዳለወሎም ሰማያዊ ሃገር ዘለዎ ኽብሪ ንምግላፅ ዝኽእል ቋንቋ ኣብዛ ዓለም ኣይንረክብን። ዝኾነ ሓጥዕ ሰብ ናብኣ ክኣቱ ኣይኽእልን። «እቶም ኣብቲ ናይቲ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት እተጻሕፉ ድኣእምበር: ገለ ርኽሰት ወይስ እቲ ዘፈንፍንን ሓሶት ዚገብር ዘበለ ከአ ናብኣ ከቶ ኣይኪኣቱን እዩ:» (ራእ.21፥27) ከምዚ ዝመሰለ ገዛ: ብገንዘብ ክንዕድጐ: ወይ ድማ ሰሪሕና ማለት ብዕዮና ክንረኽቦ ኣይንኽእልን። ናብዚ ገዛ ወይ ተሓቢእና ወይ ብመንደቕ ሰጊርና ክንኣቱ ኣይንኽእልን። ናብ ቤተ ክርስቲያን ብምኻድን ብዓል ብምኽባርን: ስርዓት ብምፍፃምን ክንኣቱ ኣይንኽእልን። ክንኣቱ ዚኽእለና መገዲ ሓደ ጥራሕ እዩ: ንሱ ድማ ጐይታ እየሱስ እዩ። ጐይታ ኸምዚ በለ «መገዲን ሓቂን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዝመጽእ የልቦን።» (ዮሃ.14፥6)

ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 14፥2 ጐይታ ብዛዕባ እቲ ዘዳለወልና ገዛ ነጊሩና እዩ። ይኹን እምበር እዚ ሰማያዊ ገዛ ጥራይ ነዞም ሓጢኣቶም ዝተሓደገሎምን: ነዞም ልቦምን ናብርኦምን ንፅህና ዝረኸበ እዩ ዝኸውን። ገሊኦም ዝተፈላለየ መልክዕ ዘለዎ ክዳውንቲ ብምኽዳን ናብ መንግስተ ሰማይ ዝኣትዉ ይመስሎም። እዚ ግና ዓቢ ጌጋ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ክፀርይ ዝግብኦ ልብና እዩ እምበር ክዳውንትና ጥራሕ ኣይኮነን። ስለዚ ናይ ዓለም ዝኾኑ ነገራት ክይስዓብና: ቅዱስን ንፁህን ዝኾነ ናብራ ክንነብር ይግብኣና።

ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኩላትና ሓጥኣንን መገዲ ገሃነም ዝሓዝና ከምምኳንና ብምርኣይ: ሓንቲ ነገር ጥራሕ ክንገብር ይግብኣና «ሓጢኣትና እንተተናዘዝና ንሓጢኣትና ይቕረኪብለልና: ካብ ኩሉ ዓመጻውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ።» (1ይቲ ዮሃ 1፥9) «የሱስ ካኣ: ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣመነስ እንተሞተ እኳ: ብህይወት ክነብር እዩ። ነፍሲ ወከፍ ብህይወት ዘሎ እሞ ብኣይዝኣምን ከኣ ንዘለኣለም ኣይኪመውትን እዩ።» (ዮሃ. 11፥25-26) «እቲ ንቓለይ ዝሰምዖን በቲ ዝለኣኸኒ ዚኣምንን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ: ንሱ ካብ ሞት ናብ ህይወት ተሳጊረ እምበር: ናብ ፍርዲ ኸምዘይበጽሕ: ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ:» (ዮሃ.5፥24) ንሓቀኛ ክርስቲያን ሞት ዘሳቕይን ዘፈርሕን ኩነታት የብሉን። «ዎ ሞት ኣበይ ኣሎ ብልሕኻ: ኣታ ሲኦልከ: ኣበይ ኣሎ ዓወትካ: ብልሒ ሞት ሓጢኣት እዩ: ሓይሊ ሓጢኣትውን ሕጊ እዩ። ግናኸ ነቲ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ገይሩ ዓወት ዚህበና ኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ:» (1ይቲ ቆሮ. 15፥55-57) ምስ ኣምላኽ ዝነበረን ዝተጉዓዘን ሰብ: ሞት ኣይፈርሕን እዩ።

እዋን ሞቱ ምስበጽሐውን: ከምቲ ጳውሎስ ዝበሎ ብታሕጓስ ከምዚ እናሀለ ይኸይድ። «ነዓይ ኣዝዩ ዚሓይሽ እዩ እሞ ምስክርስቶስውን ክነብር ሃረርታ ኣሎኒ» (ፊል.1÷23) ክርስቲያን ነቲ ኣብ መስቀል ተሳቒዩ ዝሞተሉ ጐይታ ገፅ ንገፅ ንምርኣይ ሃረርታ ናፍቆት ኣለዎ። መንፈስ ቅዱስ ድማ ነቲ ቃል የሱስ የዘክሮ «ልብኹም ኣይሽበር: ብኣምላኽ እመኑ ብኣይውን እመኑ: ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሉ። ከይደ ስፍራ ምስ ኣዳሎኹልኩም: ኣብቲ ኣነ ዘለኩዎ ንስኻትኩም'ውን ኣብኡ ምእንቲ ክትኮኑስ ተመሊሰ ክመጽእ እየ እሞ ናባይ ክወስደኩም እየ» (ዮሃ. 14÷1-4) ሕዚ (ሕጂ) ንቁሩብ ግዜ ህድኣ ኢልና ክርስቲያን ናብ ገዝኡ ከመይ ከምዝከይድ ንርኣይ። ኣብ ክንዲ ዘፈርህሞት: እቲ መልኣኽ ኣምላኽ ነታ ነፍሲ ክወስዳ ኪፅበይከሎ: መንፈስን ነፍስን ካብቲ መዋትን ጨናውን ስጋ ተፈልዩ በቲ ደገ ሰማይ ናብ ሕቑፊ እቲ ዝሞተልና ጐይታ እናተንሳፈፈ ይኸይድ። ኣብቅድሚ ኣምላኽ ድማ ሓጐስ ዝተመልኤ ኣቀባብላ ብጐይታ የሱስ ይፀንሖ: ጐይታውን ከምዚ ይብሎ: «ኣታ ሕያዋይ እሙንባርያ: ብሒደት ትኣሚንካ ኢኻ እሞ: ኣብ ብዙሕ ክሸመካ እየ: ናብ ሓጐስ ጐይታኻ እቶ» (ማቴ.25÷21) ሰይጣን ኣብዚኣ ነፍሲ ሓደ እኳ መሰል ወይ ግደ ኣይክህልዎን: «እቶም ካብ ሕጂ ብጐይታ ዝሞቱ ምውታት ብጹኣን እዮም። እወ ግብሮም ክስዕቦም እዩእም: ካብጻዕሮም ኪዓርፉ እዮም:» (ራእ.14÷13)

ክቡር ሓወይ: ከምቲ ጥፉእ ወዲ ካብ ስድራኡ ዝኾብለለ እሞ ድሓር ተጣዒሱ «ተሲኤ ድኣ ናብ ኣቦይ ክኸይድ» ዝበለ (ሉቃ.15÷18) ሐዚ ንስኻውን ኣይትብልንዶ?ህይወትካ ንጐይታ የሱስ ሎሚ ሃቦ (ወፍያ): ኣብ ዘለኻዩ ኾይንካ ንጐይታ ፀውዓዮ: ተንበርኪኽካ ናብ ኣምላኽ ፀልይ: ሓጥእ ምዃንካውን ተናሲሕኻንገሮ: በቲ ደም ጐይታ ክንጽህካ'ውን ለምኖ ነቲ መድሕንካን ጐይታኻን ናብ ልብኻ ክኣቱ ዓድሞን ፍቐደሉን። ንጐይታ ምስተቐበልካዩ ሕቆኻ ናብ ሰይጣንን ገሃነምን። ገጽካ ግና ናብ እግዚኣብሄር ጌርካ ናብ መንግስተ ሰማያት ተጓዓዝ።

ጌሸወንድ:

---

The popular “Heart Book” with its soul-saving message is obtainable in over 500 languages. Many have found salvation even just by looking at the pictures.

Kindly write to us if you are able to assist us with further translations of our free Gospel literature, informing us of the language into which you could translate this Gospel literature. Your assistance would be appreciated.

If you have found salvation in Christ, or have been otherwise blessed through our Gospel literature, please let us know. We would like to thank God with you, and remember you further in our prayers.

For **free** Gospel literature, books and tracts in over 540 languages, write to:

**E-MAIL: info@angp.co.za**

**ALL NATIONS GOSPEL PUBLISHERS**

**P.O. Box 2191, PRETORIA, 0001, R.S.A.**

(A Gospel Literature Mission financed by donations)

(Reg. No. 1961/001798/08)